# ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን አሜሪካ

**መደረ አቦ መንበር**
**ዋሽንግተን ዲሲ**
**ሰነ 25/2002 ዓ.ም**

ቅድሚ ኩሉ ንኩሉኹም ክቡራት አባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ሽረን ፍትዋት ዕዱማት አጋይሽን አቐዲመ እንኳዕ ናብ መበል 7ይ ዓመት ናይ እቶት ምትእኽኻብ ክብረ በዓል ማሕበር ልምዓት ሽረ አብፃሓኩም እንካዕ ድማ ናብዛ ዓባይ ቁምነገር እንሰርሓላ ምሸት ብሰላም መፃኹም ክብል ይፎቱ።

ሎማዓንቲ ንዓና ወርቃዊት ዕለት እያ። ምክንያቱም ብፍቕርን ሕብረትን ሓቢርና ፃንሒት ብምግባር ነቲ አብ ሽረ እ/ስላሰ ዝስራሕ ዘሎ ቤተ ንባብ ዝዓቕምና ብምብርካት ዘኹርዕ ተግባር እንፍፅመሉ ምድረኽ እዩ። ስለዚ ድማ አብዚ ተረኺብኩም ንእትገብርዎ ደገፍን ልባዊ ህያብን ብሽመይን ብሽም እታ ማሕበርን አኽብሮተይን ምስጋናይን ክገልፀልኩም ይደሊ።

አብ ዝሓለፈ ዓመት ማሕበርና ማሕበር ልምዓት ሽረ ጨንፈር ሰሜን አሜሪካ ነቲ አብ ህንፀት ንዝርከብ ቤተ ንባብ ዓበይቲ ቁምነገራት ሰሪሓ እያ። ንምጥቃሰ ዝአክል፡-

1. ከምቲ ኩላትና እንፈልጦ ዝሓለፈ ዓመት ከምዚ ሎሚ አብ ስያትል አብ ዝተገበረ 6ይ ዓመታዊ ክብረበዓል ማሕበርና አብ ሞንጎና ዘሎ ሓደነትን ፍቕርን ካብ ምጥንኻር ሓሊፉ ልዕሊ $36,000 ሽሕ ዶላር ብምትክኽኻብ እቲ ገንዘብ አብ ሽረ ናብ ዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማ.ል.ሽ ብምልአኽ ናይቲ ቤተ ንባበ ህንፀት ንክቕፅል ተገይሩ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ናይ አባልነት መዋጮ ካብ ካናዳ፣ዴንቨር፣ቺካጎን ቦስተንን ከባቢ $00,000 ዶላር ብምትእኽካብ ብሽም እታ ማሕበር አብ ሽረ ናብ ዝርከበ ባንኪ አታዊ ክግበር ተኻኢሉ እዩ።

2. ብኻሊእ ገፅ ድማ ካብ ኩለን አብ አሜሪካ ዝርከባ ጨናፈራት ማሕበርና ዘተወፃፅኡ ሓሙሽተ አባላት ዘለውዋ ኮምሽን ብምጥያሽ ሕጋውነት ተኸቲሎም ፅፈትን ሓላፍነትን ዘለዎ ስራሕ ብምስራሕ ንኹለን ጨናፈራት አሜሪካ ዘገልግል ባይለው(BYLAW) አርቂቆም ብቦርድ ድማ ክፀድቕ በቒኡ እዩ።

3. ኣባላት ቦርድ ወርሓዊ ኣኼባ ብቴሌ ኮንፈረንስ ብምክያድ ኣብ ዝተፈላለዩ ዝተለዓሉ ርእሰ ጉዳያት ብዕምቆት ብምምይያጥን ብምምኻርን ነቶም ዝነበሩ ፀገማት ክፍትሑ ተገይሮም እዮም። ኣብቶም ዝተኻየዱ ኣኼባታት ኣባላት ኣመራርሓ ቦርድ ብንቅሓትን ተወፋይነትን ስራሕቶም ከሳልጡ ብምግባር ምስ ኮምሽን ቁፅፅር ገለልተኛ ኣካል እውን በብግዚኡ ናይ ምይይጥ መድረኽ ተገይሮም እዮም ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት። ስለዝኾነ ድማ ዕውት ስራሕ ክስራሕ ተኻኢሉ እዩ።

4. ብኻሊእ ወገን ድማ ኣብዚ ቀረባ እዋን ተዛዚሙ ኣብ ስራሕ ዝርከበ ዓብይ ተግባር እንተሃለወ ምዝርጋሕ መርበብ ድሕረ ገፅ ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣሜሪካ እዩ። እቲ ድሕረ ገፅ ብሓፈሻ ኣብ መላእ ዓለም ንዘለው ደገፍትን ኣባላትን ማልሽ ብቀሊሉ ሙሉእ ሓበሬታ ኣብ እዋኑ ክረኽቡን ምስታ ማሕበር ዘለዎም ርክብ ከጠናኽሩን ብምግባር እታ ማሕበር ዘለውዋ መዛግብትን ከይዲ ስራሕታን  ግልፅነት ብዝተላበሰ ኣሰራርሓ እታ ማሕበር ክከታተሉን ጉዳዮም ክፈልጡን ኣብ ምግባር ዓብይ ተራ ኣብ ምፅዋት ትርከብ ። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ሰሙን ልዕሊ 1500 ኣባላትና ድሕረ ገፅ ማ.ል.ሽ ብምጉብናይ ዝድለ ሓበሬታ ብምርካብ ተጠቀምቲ ንምኳን በቒዖም እዮም።

5. ኣብዚ እጁ እዋን ማሕበርና ልዕሊ 550 ዝኮኑ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ መናእሰያት ኣብ (FACEBOOK)ብኣባልነት ክእልውዋ እኑተለው እዞም መናእሰያት ብዛዕባ ዓላማን ስራሕትን ማልሽ እኹል ግንዛበ ክህልዎምን ዘለዎም ሃላፍነት ክፈልጡ  ተገይሩ እዩ። ብተወሳኺ እቶም መናእሰያት ብቐጥታ ብናይ ማልሽ ድሕረገፅ  ቻት ሩም( CHAT ROOM)  ንዝቐረቡልና ሕቶታት ድማ ብቑዕ መልሲ ክንህቦም  ክኢልና ኢና።

6. ብሓፈሻ ማሕበር ልምዓት ሽረ ሰሜን ኣሜሪካ ብዝዘርገሓቶ ዓለምለኻዊ መርበብ ሓበሬታ ድሕረ ገፅ  ምስ ዋና ቤት ፅሕፈት ኮነ ምስ ኣብ ኣሜሪካ ዝርከባ ጨናፍራት ስሉጥን እዋናዊን ሓበሬታ ኣብ ምቅብባል ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ነይርዎ እዩ እቲ ሓዱሽ ድሕረ ገፅ።

አብ መወዳእታ ንኩሉኹም ኣሕዋተይ ኣባላትን ደገፍትን ማሕበርና ንዝገበርክምዎ  ኩለመዳያዊ ደገፍን ንዘርኣኽምዎ ልባዊ ፍቕርን ብሽመይን ብሽም እታ ማሕበርን ደጋጊመ እናመስገንኩ። ሓገዝኩምን ደገፍኩምን ቀፃሊ ክኸውን ድማ እንዳተማሕፀንኩ ዕላማና ብፃዕርና ኣብ ሽትኡ ከም ዝበፅሕ ድማ ጥርጥር የብለይን።

አብዚ ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ዘይደልይ አብ ማ.ል.ሽ አብ እትገብሮም በዓላት ብዘይ ምንም ክፍሊት ብድልየቶም ብነፃ ምድላዋቶም ብምቕራብ ነቲ ዕዱም ጋሻ ብምህዳስ ነቲ በዓል ዝለዓለ ድምቀት አብ ምሃብ ኩልጊዜ ብሞዮኦም ነታ ማሕበር ኣብ ምግልጋል ዝርከቡ ውሩያት ከየንቲ ተጋሩ አሕዋትና ኣበበ ኣርኣያ፣ ርሻን ገብረ፣ ወዲ ሹቕ፣ ያይነ ኣባይ፣ ዓዚዝ ሓጎስ፣ ብርሃነ ኪዳነ ፣ሙሉ ሃይሉን ከበደ ደሞዝን ብሽም ማሕበርና ካብ ልቢ እየ ዘመስግን. . . የቐንየልና።

ውዳበና መንገዲ ልምዓትን ምዕባለን እዩ !!

ክብረት ይሃበለይ።
ኪሮስ አርአያ